መስታውት እበሃል ጓል 17 ዓመት ኢየ። ናይ መፃኢ ራኢየይ ዳኛ ብምኺን ፆታዊ ማዕርጋት ንምስፋን ምስራሕ ኢዩ። ዳኛ ንምኺን ድሌት ክሓድረኒ ዝገበረኒ ኣጋጣሚ። ካብ ዕለታት ሓደ ማዓልቲ ጎረቤተይ እንዳበኽየት ክሳብ ዝሪኣ ፆታዊ ጥቕዓት እንታይ ምኪኑ ኣይፈልጥን ነይረ። ብጣዕሚ ቀረባ ዝኾነ ቤተሰባ እናወዓ ነበረሞ ንዓይ ምሰራኣየት ብጣዕሚ ፈርኽት። ሓደ ማዓልቲ በይና ኣብ ዝኾነትሉ ጊዜ እንታይ ከምዘጋጠማ ሓተትኩዋሞ ብተደጋጋሚ ክምዝወቕዓን ከምዝጋሰሳን እንታይ ከምትገብር ክምዝጨነቓን ነገረትኒ። ኣነዉን እንታይ ከምዝግብር ዋላኳ እንተዘይፈለጥኩ ናዓኣ ክሕግዝ ከምዘለኒ ግን ይፈልጥ ነይረ። ነደይ ነገርኩዋ፣ ንሳዉን ፖሊስ ፀውዐት። ፖላይስ መፅዮም ወሰድዎ፣ ክሳብ ሎሚ ምንም ከይገበረት ብምፅናሓ ሓዘነት።እዚ ተግባር ቅድሚ ሐዚዉን ከምዝነበረን እንታይ ክትገብር ከምዝነበራ ብዘይምፍላጣ ፀንሐት።

ሓደ ሰብ ኣብልዕሊ ካልእ ሰብ ንምንታይ ክንድዚ ከምዝጎድእ ኣይተረደአንን ነይሩ።ነደይ ንምንታይ ከምዝኾነ ሓተትኩዋ፣ ንሳ ድማ ሓደሓደ ሰባት ናይ ደቂኣንስትዮ ማዕርነት ዘየኽብሩን፣ ናይ ድቂኣንስትዮን ኣዋልድን ሰብኣዊ መሰል ከምዝጥሕሱን ነገረትኒ።እዚ ብሓቂ ዕሽነት ኢዩ። ኣደይ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ንምዉጋድ ንዝሰርሑ ትካላት ብምሕጋዝ ክንረድእ ከምንኽእል ገሊፃትለይ።ገንዘብ ክንልግስ ወይ ድማ ጊዜና ብፍቃድና ክንህብ ንኽእል ኢና፣ ኻልኦት ሰባት እዉን ምሕጋዝ ክኽእሉ ብዛዕባ እቱ ፀገም ክንነግሮም ንኽእል ኢና።

ጅግና ንምኺንን ፆታ መሰረት ንዝገበረ ጥቕዓት ንምቅላሰን ወሲነ።ነቲ ፀገም ባዕለይ ክፈትሆ ከምዘይክእል ይፈለጥ ኢየ፣ ግን ድማ ኩላትና እንተሓቢርና ኣብ ከባቢና ኢሉዉን ኣብ ሃገርና ናዓይን ከማይ ንዝመሰላ ኣሓተይን ካብ ዝተፈላለዩ ፆታዊ ጥቕዓታት ምክልኻልን ከምኡዉን ጥቕዓት እንተበፂሑወን ኣድላዪ ድገፍ ንኽረክባን፣ ጥቕዓት ዘብፀሐ ግቡእ ቅፅዓት ክብየነሉን ምስራሕ ንኽእል ኢና። እዚ ንክኽዉን ድማ ኣነ፣ ንስኻ፣ ንስኺ፣ ንስኻትኩም ብሓባር ምስራሕ ይግበአና።

ብፈዴሪኢ ገበነኛ ሕጊ ዓንቅፅ 576 ንኣካለ መጠን ዘይበፅሑ ቆልዑ ምጉዳእን፣ዓንቅፅ 620 ኣገዲድካ ምድፋር ገበን ዝፈፀሙ ግለሰባት ዝቕፅዕሉ ዝርዝር መቕፃዕቲታት ተቐሚጡ ኣሎ።

ዝኾነ ዓይነት ፆታዊ ጥቕዓት ምስ ዘጋጥም አብ ኢትዮጵያ ናይ ሕጊ ስብ ሞያ ድቂ ኣንሰተዮ ማሕብር

ናይ ነፃ ስልኪ መስመር **7711**

ደዊልካ "0" ብምጥዋቕ ነፃ ናይ ሕጊ ምኽርን ድጋፍን ግልግሎት ብኣምሓርኛ፣ ብኦሮምኛን ብትግርኛን ምርካብ ይከኣል ኢዩ።

Supported by players of PEOPLE'S POSTCODE LOTTERY

Awarded funds from POSTCODE INTERNATIONAL TRUST

actionaid

አክሽንኤይድ ኢትዮጵያ

ለሚኩራ ክፍለ ከተማ፣
ቀበሌ 13፣ የቤት ቁጥር 3044
1261, አዲስ አበባ, ኢትዮጵያ

ethiopia.actionaid.org
@ActionAidE
@ActionAid Ethiopia
Comms.Ethiopia@actionaid.org

ደቂኣንስትዮን ኣዋልድን ካብ ጥቕዓት ነፃ ኮይነን ናይ ምንባር መሰል ነኽብር፣ ንክኽብር ድማ ንቃልስ!